ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ፅምብላ ኣብ በጀት ዓመት 2013 ዓ/ም ኣብቲ ወረዳ ንዝርከባ ዝተፈላለያ ኣብያተ ዕዮ ኣገልግሎት ዝዉዕል ፣ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑ ፣ ናይ ኣቁሑት ቢሮ ፣ መለዋወጢ ኣቅሑት መካይን፣ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 5, 2013 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 20, 2013 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ኣስገለ ፅምብላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 20, 2013 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 በቲ ዘፈር ግብሪ ዝከፈሉን ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ቅዳሕ ዘተሓሕዝ

2 መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ዘለኩምን፤

3 ኣብ ዝርዝር መቅረብቲ ምዝገባ ተወሳኪ እሴት ታክስን ናይ ወርሒ ሰነ 2012ዓ/ም ሒሳብ ዝገበርኩምሉ መረዳእታ

4 ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበ ዝሐደሰን፤

5 ኩሉ ዝተሐተተ መረድእታ ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ ዝተማልአ ሰነድ ጨረታ ብፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል፤

6 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ናይ ጨረታ ዉሕስና ፣ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑ 20,000.00 ፣ ናይ ኣቁሑት ቢሮ 15,000.00 ፣ መለዋወጢ ኣቅሑት መካይን 3,000.00 ቅርሺ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 ጨረታ ካብ 05/02/2013 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ 20/02/2013 ዓ/ም ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ይካኣል

8 እቲ ጨረታ 20/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ይክፈት፤

9 እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዘቀረበ ንብረት 20 ሚኢታዊ ናይ ምውሳክ ወይ ምንካይ መሰል ኣለዎ።

10 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፡

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346-610255 /03 46 61 00 08ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle